tigrinja

# ኣዋልድ ደቅና ካብ ምኽንሻብ(ግርዘት) ንከላኸል

IHMIS OIKEUS LIITTO

## ምኽንሻብ ( ግርዘት) ብልዕቲ ደቀንስትዮ እንታይ እዩ?

ናይ ደቂ ኣንስትዮ ምኽንሻብ ማለት፣ ናይ ሕክምና ሓገዝ ዘይተገብረሉ ፣ ውሽጣዊ ይኹን ደጋዊ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ብኸፊል ወይኸዓ ብሙልኡ ምቑራፅ ወይድማ ምጉዳእ ማለት እዩ።ናይ ደቂ ኣንስትዮ ምኽንሻብ ብዝኾነ ዓይነት ሃይማኖት ዘይእዘዝ ኮታስ ዝፀንሐ ባህላዊ ተግባር እዩ።

## ናይ ደቂ ኣንስትዮ ምኽንሻብ ኣብ ጥዕና እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ?

ኹሉ ዓይነት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንጥዕና ጎዳኢ እዩ። ምኽንሻብ ኣስዒቡ ዝመፅእ ጠጠው ዘይብል ናይ ደም ምፍሳስን፣ምምራዝን ከምኡውን እስካብ ሞት ዘብፅሕ ሓሰያ ከብፅሕ ይኽእል እዩ። ብቐፃሊ ዘምጽኦ ሳዕቤናት ከም ኣብ ወርሓዊ ፅግያ ቓንዛ፣ ናይ ምሻን ፀገም፣ ረኽሲታትን፣ ኣብ እዋን ሕርሲ ዘጋጥም ምቕዳድን ዘኣመሰሉ ከበድቲ ፀገማት እዮም።

## ደቂ ኣንስትዮ ይኹን ካሊእ ዓይነት ምኽንሻብ ብሕጊ ፊንላንድ ዝተኸልከለ እዩ።

ብስምምዕ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓቢይ ግሕሰት መሰል ወዲሰብ እዩ።ኣብ ፊንላንድ ነዚ ሕጊ ዝጠሓሰ ሰብ እስካብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ የቕፅዕ እዩ።ነባርነታ ኣብ ፊንላንድ ዝኾነት ህፃን ኣብ ፊንላንድ ይኹን ኣብ ካሊእ ምኽንሻብ ዘፍቅድ ሃገር ወሲድካ ክትኽንሽብ ምግባር ወይኽዓ ሓገዝ ምሃብ ብሕጊ ዘቕፅዕ እዩ። ወለዲ/መዕበይቲ ንደቆም ካብ ምኽንሻብ ክካላኸሉሎም ሕጋዊ ሓላፍነት ኣለዎም።

ካብ ፊንላንድ ቅድሚ ምጋሽኩም ንተውሳኺ ሓበሬታ ንማሕበር ሰብኣዊ መሰላት በዘን ዝስዕባ ቋንቋታት ተወከሱ።
ፊኒሽ፣እንግሊዝኛ፣ ኣምሓርኛ

ሰሎሜ ተሾመ Solomie Teshome
Email: solomie.teshome@ihmisoikeusliitto.fi
tel. +358 44 742 0411

IHMISOIKEUSLIITTO

TUETTU VEIKKAUKSEN TUOTOILLA

OIKEUSMINISTERIÖ
JUSTITIEMINISTERIET

Sisäministeriö
Inrikesministeriet

SOSIAALI- JA TERVEYSMINISTERIÖ

Terveyden ja
hyvinvoinnin laitos

Ulkoministeriö
Utrikesministeriet